**ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ** **جبهة الإنقاذ الوطني الإريترية**

**Eritrean National Salvation Front**

## መግለጺ
## ህጹጽ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ
## ብዛዕባ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፣

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብዕለት 23 ነሓሰ 2010 ህጹጽ ኣኼባ ኣካይዱ። ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ውድባዊ መዳይን ኤርትራዊ ተቓውሞ ሓይልታትን ዘተኸሰቱ ብርክት ዝበሉ ፖለቲካዊ ምዕባለታትን፡ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘሕልፎ ዘሎ ስቅያትን፡ ቀጻሊ ዋሕዚ ስደትን ርእዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ነቶም ዓቕምታቶም ዘፍቅደሎም፡ ወይ ቤተ ሰቦም ዝቕበልዎም፡ ሰደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ከተማታት ኢትዮጵያ ክነብሩ ንዘውጸኦ ዝተማሓየሸ ፖሊሲ ሞጉሱ።

ፈጻሚ ኣካል፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 9 ነሓሰ 2010 ዝተኻየደ ሃገራዊ ዋዕላ ብምዕዋቱን፡ ኣብ እተፈላለዩ ሃገራዊ ጉዳያት ብዘመዝገቦም ኣወንታዊ ውጽኢታትን ልዑል ሓጎሱ ገሊጹ። ብክንድ'ዚ ሰፊሕ ሱታፌ፡ ፖለቲካውን በርጌሳውን ሓይልታትን፡ ሃይማኖታውን ሃገራዊ ባእታታትን፡ ኣጀንዳታቱ ከም ሃገራዊ ሓድነት፣ ኣሊያት (ኣገባብ) ለውጥን፡ መሰጋገሪ መድረኽን ዝምልከቱ ኣገደስቲ ጉዳያትን፡ ንድፊ ሃገራዊ ቻርተርን፡ ሃገራዊ ዘተ ንምስታፍ ካብ እተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ምእካብ ሓዲሽ ተሞኩሮ'ዩ።

ፈጻሚ ኣካል፡ ናብ ስሙር ራእዪ ንምብጻሕን፡ እተፈላለዩ ፍርሒታት ንምልጋስን፡ መንፈስ ግልጽነት ኣብ ዝሰፈኖ ሃዋሁ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ዓውዲ ሃገራዊ ዘተን ዕቱብ ሓላፍነታውን ምንባሩ ኣረጋጊጹ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት መታን ቀጻልነቱ ንምውሓስ፡ ሃይማኖታውን ብሄራውን ፍልልያት ክፍልታት ህዝብና መዝሚዙ ዝኸተሎ ከፋፊልካ ግዛእ ፖሊሲ፡ መጻኢ ዕድል ህዝብና ካብ ዝኾነ ዝሓለፈ ግዜ ኣብዚ እዋን'ዚ ብዝያዳ ንሓደጋ ይቃላዕ ስለ ዘሎ፡ ዋዕለኛታት ኣብ ኩሎም ጉዳያት፡ ኣውራ ድማ ኣብ ንሃገራዊ ሓድነት ዝህድዱ ዘሎዉ ረዘንቲ ብድሆታት ብፍቱሕ ኣእምሮን ልቦናን ተመያይጦም።

ህዝብና ስሙር ህዝቢ ኮይኑ ንክነብር፡ ሃገራዊ ሓድነት እምነ-ሰረት ከም ምዃኑ መጠን፡ ፈጻሚ ኣካል ዝኾነ ንዕኡ ዝህድድ ሓደጋታት ብትሪ ምምካት ኣድላይ ምዃኑ የረጋግጽ። ስለዝኾነ ድማ ሃገራዊ መሳርዕ ምጥርናፍን፡ ኣብ ሓቀኛ ሃገራዊ ሽርክነት ዝተሞርኮሰ ፍትሓዊ ምምቕራሕ ስልጣንን ሃብትን ዘውሕስ ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ምምዕባልን። ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ምኽባር። ነፍስ ወከፍ ናይ ካልእ ፍሉይነታት ምኽባር። ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ብሄራውን ሃይማኖታውን ባህላውን ክፍልታት ህዝብና ተረጾኦታት ክብረታት ፍትሕን፡ ማዕርነትን፡ ባህሊ ዘተን፡ ሓቢርካ ብሰላም ምንባርን፡ ንምስራጽ ምዕያይ። እዚ ከኣ፡ ብኩሎም ኣገባባት ቃልሲ፡ ኣብ ዑና ህልዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ሕርያታትን መሰላትን ሓርነታትን ህዝብና ዘውሕስ ደሞክራስያዊ ለውጥን፡ ቅዋማዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካልን ከየረጋገጽካ ዝመጽእ ኣይኮነን።

ሓደ ካብ'ቲ ትኽረት ዝሰሓበ ዓወታት ሃገራዊ ዋዕላ፡ ተሳትፎ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ገዳይም ሓርበኛታትን ስደተኛታትን ምንባሩን፡ እዞም ክፍልታት'ዚኣቶም ኣብ ምርግጋጽ ስርዓት ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝህልዎም ግደ ኣገዳሲ ምዃኑን፡ እዚ ንገዛእ ርእሱ ኣብዚ እዋን'ዚ ዓይነታዊ መወሰኽታ ምዃኑን፡ ፈጻሚ ኣካል ኣረጋጊጹ።

እዚ ዓቢ ክብደት ዘሎዎ ዕዮ ሃገራዊ ዋዕላ ሽሕ'ኳ ዓወት እንተኣረጋገጸ፡ ካብ ኮነ ኢልካ ዘይተሃቀኑ ክእረሙ ዝኽእሉ ጌጋታትን ሓላፍ ዘላፍን ዝደሓነ ኣይነበረን። ገለ ካብኡ ኣብ ሞንጎ ብቋንቋ

ዓረብኛን ቋንቋ ትግርኛን ዝተዘርግሑ ኣዋጃት ኣብ ገለ ጉዳያት ተመሳሳልነት ዘይምንባሮምን፡ ኣብ ውሳኔታት ድማ "… መሰል ርእሰ ውሳኔ ብሄራት ኣብ ትሕቲ ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ ምርግጋጽ። ከምኡ'ውን እቲ መሰል ኣብ መጻኢት ኤርትራ ብደረጃ ቅዋም ክረአ ከም ዘሎዎ ዋዕላ ወሲኑ" ዝብል፡ ዋዕላ ዝወሰኖ ኣይኮነን። ዋዕላ ዝወሰኖ'ምበኣር፡ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወለንታዊ ድልየትን ርድየትን ዝተመስረተ፡ ንብዙሕነት ባህላውን ሃይማኖታውን ብሄራውን ክውንነት ህዝብና ዘኽብርን፡ መሰል ኩሉ ኣከዋውና ሕብረተሰብና ዝሕሉን ምኻኑ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ነዚ መሰረት ብምግባር ዋዕላ ንምክብባርን ምድልዳልን ብዙሕነት ሕብረተሰብና ክሰርሕ ወሲኑ" ዝብል'ዩ። ብወገና ዋዕላ ኣብ ዝተመያየጠሎም ጉዳያት ዝተወስዱ ውሳኔታት ብርግጽ ክርከብ ዝኽእል ኣብ ማህደራት ሰክረታርያ ዋዕላ ተመሊስካ ብምምርማር፡ ንዞም ጌጋታትን ካልኦትን ንምፍዋስን ምእራምን ዝካኣል  ይመስለና። ከምዚ ዝበሉ ሕጽረታትን፡ ብብዙሓት ወገናት ዝተጠቕሰ  ጌጋታትን ጉድለታትን ኣሰናዳኢት ሽማግለ ንዓወት ዋዕላ ዘፈኸሶ ዘይኮነስ፡ ምስ ከምዚ ዝበለ ዓበይቲ ፍጻሜታትን ኩነታትን ክኸሰት ዝኽእል ጌጋታት'ዩ።

ፈጻሚ ኣካል በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ንኩሎም ዋዕላ ኣብ ምክያድን ምዕዋትን ኣበርክቶኦም ንዝገበሩ ሸነኻት ዝለዓለ ምስጋና የቕርብ። ብፍላይ ድማ ኣሰናዳኢት ሽማግለን፡ ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፡ ኣብ ስደት ዝርከብ ህዝብናን፡ መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን፡ ኣብ ኩሉ ቦታታት ሃገራዊ ዋዕላ ንምዕዋት ብዘካየድዎ ዘይሕለል ቃልሲ እምብዛ ኣሞጉሱ። ከምኡ'ውን ንህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ነዚ ዋዕላ'ዚ ንምዕዋት ብዘበርከቱዎ ምትእንጋድን መሳለጥያታትን ልዑል ምስጋና የቕርብ።

ፈጻሚ ኣካል፡ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ሓላፍነት ህዝቢ ኤርትራን ፖለቲካውን ቤርጌሳውን ሓይልታቱ ስለ ዅነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ፡ ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምቅልጣፍ፡ ሃገራዊ ሓላፍነቱ ንምስካም ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ዘቕነዐ ቃልሲ ብዑትብነት ክሳተፍ ጸዊዑ።

ኣብ መደምደምታ፡ ፈጻሚ ኣካል፡ ሃገራዊ ኮሚሽን ኤርትራ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ግዜኡ ንምክያድ ክበቕዕን፡ ዝተነበረሉ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ዕላማ ከረጋግጽን፡ ካብ ዝኾነ ዝሓለፈ ግዜ ሎሚ ብዝያዳ ንዋታውን ንያታውን ደገፍ ህዝብና ከም ዘድልዮ የረጋግጽ።

ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብና!!
ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና!!

ፈጻሚ ኣካል
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
23 ነሓሰ 2010